ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.21 ሓሙስ 24 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ከድህሰስ እንከሎ



ገጽ 4
ባህታ ልቢ፣ ድሬርዓይኒ፣ ዕንጋለ ክርሲ'ያ - ኤርትራ



ገጽ 5
"ኮም ዝሰረቱ ውዳበና፣ መሰረት ኩሉንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና!"

ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ተመሊሳ



# ማእከል፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምትግባር ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምልኣት ንምትግባር ብዝተወደበ መልክዕ ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣስራት ሃይለ ብ22 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ሞያውያን ሕርሻን ዕድመ ዝተገበሩሎምን ዝተረኽቡሉ ኣኼባ፡ ኣቶ ኣስራት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ሰራሕ ኣውጺኡ ይነጥፍ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ምስ ዝከበረ ዋሕዲ ዝናብ ክራማት፡ ኣብ ዝቐጽል ሰለስተ ኣዋርሕ ሓረስቶት ኣማራጺ ሜላታት ተጠቒሞም እቶቶም ክብ ንምባል ከምዝሰርሑ ኣብሪሁ።





ስእሊ ዙቤር ሰዒድ

መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብዚይ ዕዙዝ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ደማ ብቐንዱ ከምዝይዕወት ብምጥቃስ፡ ዓድታት ንመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ዘድሊ ከማልኣ፣ መደብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብስፍሓት ክካየዱ፣ ብማስመር ምዝራእ ከዘውትራ፣ ባህርያዊ ድኹዕን ምሩጽ ዘርእን ክጥቀማ፣ ከምኡ'ውን ስንም ዘልምዑ ሓረስቶት ኣልገቦም ጥረታት ክዝርኡ ተላቢዩ።

ሓላፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባታት ብወገኖም፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ፡ ዕላማኡ እቶታውነት ምኽዕባት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዝርዝር ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ምድንፋዕ ሓምላይ መግቢ እንስሳን ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ግራት ሓረስቶትን ዓቢ ለውጢ ስለዘለዎ፡ ብስፉሕ ክስራሓሉ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣይ ተወልደብርሃን፡ ሓረስቶት ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወጸ መርሓ ተኸቲሎም፡ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምዕዋት ዝወሰድዎ ዘለዉ ተበግሶ ኣተባቢዑ ወጽኢት ደርከቦ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኩለን ዓድታት ብዝተወደበ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

# ናቕፋ - ሰፊሕ ወፈራታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይካየድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምጽጋን ዛላታትን ከትረታትን፡ ከምኡ'ውን ምሽዓት ጉዳጉድን ምትካል ፊልሲታትን ዘጠቓልል ሰፊሕ ወፈራታት ይካየድ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ መሓልታዊ ኣስታት 400 ጉልበት ሰብ ይሳተፍ ከምዘሎ፡ ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።

ነቲ ስራሕ ዝከታተሉ ዘለዉ ክኢላታት ሕርሻ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምዝኾነን ሱ-ፍልጡታዊ ሜላታት ዝተኸተለ ምዃኑን ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ዝርኣዮ ዘሎ ልዑል ተሳትፎ መጒሶም።

# ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን፡ ኣብ ሳዋ ስልጠና ወዲቡ





ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ኣብ ሳዋ ብ19ን 20ን መስከረም ኣስተምህሮኣዊ ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ስልጠና፡ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ምብህሃል፣ ተራ መንእሰያት ኣብ መኸተን ልምዓትን፡ ከምኡ'ውን ፕሮግራም ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዝብል ዛዕባታት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ሃማመተኤ ውዳበታቱ ብምስፋሕ፡ እንተላይ ኣብ ሰራዊት ንዘርከቡ መንእሰያት ናይ ትምህርትን ሞያን ባይታ ብምፍጣር፡ ዓቕምታቶም ክብ ንምባል ይነጥፍ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ተመሳሳሊ ስልጠናታት ከምዘውድብ ኣብሪሃ።

ምክትል ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌተናል ኮሎኔል ተማስገን ሳሚኤል ብወገኑ፡ መንእሰይ መጻኢ ሃገር ስለዝኾነ፡ ብቑዕ ፍልጠትን ሞያን ከምዝዕጥቕ ምግባር ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ መደባት ሃማመተኤ ንምዕዋት ብንቕሓት ክሰርሑ ተላብዩ።

# ሓጋዝ - ንጥፈታት ምግራብ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ሓጋዝ፡ በብእዋኑ ኣብ ትካላትን ናይ እምኑት ቦታታትን ክዕቀድ ዝጸንሐ ንጥፈታት ምግራብን ምስሳን ሃብቲ ገረብን፡ ዝምስገን ውጽኢት ከምእተረኸቦ ተሓቢሩ።

ባህርያዊ ጸጋታት ንምምዕባል ዝተኻየደ ጻዕሪ ንቕሓት ሰድራቤታት ተወሲኽዎ ኣድማዒ ውጽኢት ከምእተረኸቦ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ኣሕረኣብ በረኸትኣብ፡ ዝተተኽለ ኣግራብ ኣብ ግርማ ከተማ ኣስተዋጽኦ ከምዘበርከተ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ብርሃነ ንጉሰ ድማ፡ ምስሳን ሃብቲ ገረብ ሚዛን ኣከባቢ ኣብ ምሕላው ዝለዎ ተራ ብምጥቃስ፡ ቀጻሊ ናብዮትን ክንክንን ክግበረሉ ተላቢዑ።

መራሕቲ ሃይማኖት ብወገኖም፡ ኣብ ኣብያተ እምነት ዝተተኽለ ኣግራብ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ምብጽሑ፣



መርኣያ ዝግበረሉ ምክትታል ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ብዙሓየለ ክሰርሑሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ኣቑርደት - ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርስታትን ንምልላይ ክሰርሓሉ ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ዝርከቡ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም፡ ኣብ ምልላይ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ፍጻመታትን ቅርስታትን ብኣተኩሮ ክሰርሑ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ጸገ ኣስራት ጸዊዑ።

እዚ ጻውዒት ዝቐረበ፡ ወሃንትን ሰራሕተኛታትን ናይተን ትካላት፡ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርስታትን ኣብ ዘበጽሑሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

ጸሓፊ ማሕበር ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ-ሳልሕ ብወገኑ፡ ምልላይ ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርስታትን ንዘተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ቱሪዝም ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ዑደት - ዘቤታዊ ቱሪዝም ንምድንፋዕ እወታዊ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ካብኡ ዝሕተት ከምዘማልኡ ኣረጋጊጾም።

# ኣብ ትሕቲ ሃኮሰኤ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት ትካላት፡ ወፈራዊ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣብ ዝተጠርነፉ ትካላት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ከባቢ ደምቡዛውል ማይን ሓመድን ናይ ምዕቃብን ምግራብን ንጥፈታት ኣካዪዶም።

ኣብ'ዚ ካብ 23 ትካላት ዝተዋጽኡ 1,183 ሰራሕተኛታት ዝተሳተፍዎን ካብ 12 ነሓሰ ክሳብ 16 መስከረም ዝተኻየደን ወፈራታት፡ ብርክት ዝበለ ዛላታት ክሰራሕ ከሎ፡ 2,745 ጉዳጉዲ ከምእተዳለወን ልዕሊ 1,500 ፈልሲታት ከምእተተኽለን ኮሚቲ ምግራብ ሃኮሰኤ ሓቢሩ።

እቲ መደብ፡ ብልዑል ምትሕብባር ኣካየድቲ ትካላትን ወለንታዊ ተበግሶ ሰራሕተኛታትን ከምእተኻየደ፡ ካብ ህዝባዊ ርክባት ሃኮሰኤ ዝጽሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ደምቡዛውል ካብ 2022 ብዝተኻየደ ወፈራታት ልምዓት፡ ዛጊት ልዕሊ 12 ሽሕ ፈልሲታት ጽዲቖ ከምዘለው ዝፍለጥ'ዩ።

# ማይምነ - ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመሃሮ ተመሪቖም

ኣብ ን/ዞባ ማይምነ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዓውድታት ዕረያ ኤለክትሮኒክስን ምትካል ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓትን ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 22 መንእሰያት ተመሃሮ፡ ብ15 መስከረም ተመሪቖም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ የማነ መድሃኔ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግብራዊ ስራሕ ክማዕብልዎ ትጽቢት ከምዝግበር ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር ባህታ ወልዳይ ብወገኑ፡ ሃማመተኤ ብዘይካ'ቲ ብሰማዊ ክፍሊት ንመንእሰያት ዘውድቦ ሞያዊ ስልጠናታት፡ ኣካዳምያዊ ብቕዓት ተመሃሮ ክብ ንምባልን ተውዳደርቲ ክኾኑን ንዘጉብሮ ሓገዛት ኣመስጊኑ።

ኣብ ምምሕዳር ን/ዞባ ማይምነ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ቴድሮስ ኣብድ ድማ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ንናይ ክረምቲ ዕረፍቶም ንኽፍሶምን ንሕብረተሰቦምን ኣብ ዘርብሕ ስልጠና ክሕልፍዎ ክተባብዑ ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ቀሲሞሞ ዘለዉ መበገሲ ስለዝኾኑ፡ ብቐጻሊ ንጉዕበን ምልምማድን ከማዕብልዎ ኣዘኻኺሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ባህታ ልቢ፣ ድራር ዓይኒ . . .

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

ከስተማቕርዎ ኣይተዓደሉን። እንተ ንኤርትራ ግን ሰላም ፍሉይ ወህብቶኣ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከተማታት፡ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ልብኻ ኣውዲቕካ ክትጉዓዝ መንፈስካ ብቕሱኑ ክትድቅስ ምኽኣል ንቡር እዩ። "ከምዚ ክመጽኣኒ'ዩ ከምዚ ክይክውን" እናበልካ ንሕሰም እተወራረደሉ ክዉንነት ኣየጋጥመካን እዩ። እቲ ኣብዚ ክስዕብ ዝግበኦ ሕቶ ግን፡ ንምንታይን ስለምንታይን'ያ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣበራት ብቐሊሉ ክብረዕ ዝኽእሉ (Fragile) ከባቢ ንበይና ደሴት ሰላም ኮይና፣ ዝብል ሕቶ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

1ይ - ህዝቡና ኣብ ሃይማኖቱ ጽኑዕ፡ ሓቀኛ ኣማንን ኮይኑ፡ ኣብዚ መሰረት ዝገበረ ጽያፉ ዝኾነተ ውርዙይ ባህልን ክብርታትን ዘውንን ህዝቢ እዩ።

2ይ - ኤርትራዊ ብተፈጥሮኡ ሰላማዊ እዩ። እቲ ንልዕሊ 30 ዓመታት




ዘካየዶ ቃልሲ ይኹን ናይ ድሕሪ ናጽነት መኸተ፡ ንሰላም ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ንሓዋሩ እንተላይ ንሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣበርክቶ ዘለዎ እዩ። ስለዚ ሰላም ንዓና ንኤርትራውያን ሓደ ካብ መባቕል ዋህዮታት ኣካላትና እዩ። ደምና ጠሚዓ ታሪኽ እትጽሕፍ ብርዒ ድማ ብርዒ ሰላም ጥራይ ኢያ።

3ይ - ኤርትራዊ ንናቱ'ምበር እንዳማት ቀሊሕ ዝብል ኣይኮነን።



ነታ ናተይ ዝብላ ከጹብቐን ምእንታኣ ክመውትን ድሕር ዘይብል ምዃኑ ድማ ሓደ ካብ ዓበይቲ ምልክታት ሰላሙ እዩም። ብሓጺሩ ኤርትራዊ ጻጸን ንህብን እዩ።

4ይ - ኤርትራዊ ተቐባሊ ጋሻ'ዩ። እታ ዝርካብ መንጸፉ ንጋሻ ዝሁብ ምዃኑ ድማ ሓደ ብቑዕ ምስክር'ዩ። እዚ ማለት ግን ብዋጋ ክብርታቱን ስብእናኡን ዘይኮነ፡ ሰብ መን ይኹን መን ብዘየገድስ ክብሩ'ዩ ዝብል እምነቱ ስለዘለዎ እዩ። ስለዚ ክብርታቱ ኣዕዚዙ ዝርኢ ክቡር ህዝቢ እዩ።

5ይ - ኤርትራዊ ክንዮ ኣነ ንሕና፡ ክንዮ ቁሸተይ ሃገረይ፡ ብሓጺሩ ወዲ መን ኢኻ ተባሂሉ "ወዲ ኤረይ" ዝብል እዩ።

እዚኦምን ካልኦትን ተደማሚሮም እዮም ንህዝቢ ኤርትራ ሰላሙ ውሑስ ዝገብሩን ኣብ ደሴት ሰላም ንኽነብር ዝሓገዙን። ክንድ ዝኾነ ድማ እዩ ኤርትራ ንቱሪዝም ምቹእቲ'ያ ዝበሃል።

# ባህታ ልቢ፣ ድራር ዓይኒ፣ ዕንጋለ ከርሲ'ያ - ኤርትራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)



ዓለማዊ መዓልቲ ቱሪዝም 2026፡ ብደረጃ ዓለም “ዲጂታዊ ዛዕባን ሱብ ሰርሖ ብልሒን ንዳግመ ቅየሳ ቱሪዝም” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ሰንበት 27 መስከረም ክኽበር እዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ ቱሪዝማዊ ትዕድልቲ ኤርትራ ገለ ሓሳባት ወስ ክንብል!

ሓደ ወጻኢተኛ ኣወፋሪ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ ዘይሩ ምስ ተዓዘበ፡ “ፈጣሪ ነዚ መዳርግቲ ዘይርከቦ ጽባቐን ውቃብን ከይበቐቐ ንኤርትራ ምዕዳሉ፡ ኤርትራዊ ዜግነት ዝለበሮ ክኸውን ኣለዎ” ከም ዝበለ ኣብ ጽሑፋት ምስ ኣንበብኩ፡ ብዘይወልውል “ሓቁ እዩ” በልኩ፡ ምኽንያቱ፡ ኤርትራ—

1ይ- ብዓቕን ንምልክዑ ዘጸግም ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ዝተዓደለት ኢያ፣ እዚ ባህርያዊ ሃብቲ'ዚ ድማ ዘይተበከለ ብድንግሉ ዘሎ እዩ።

2ይ- ጠሉብ በጺሒቲ ዘማልእ ሰፊሕ ምርጫ እትውንን ሃገር ኢያ።

3ይ- እንትርፎ ኣብዚን ውሑዳት ምሩቓትን ዕድለኛታትን ኣብ ብዙሓት ዘይርከብ ሰላምን ቅሳዕ ፖለሲን እትውንን ኢያ።

4ይ- ብማንም ዘይድስል፡ ክብረትን ክብርታትን ዝዓተረ ሕቡን ህዝቢ ኣለዋ።

ብሓጺሩ - ባህታ ልቢ፡ ድራር ዓይኒ፡ ዕንጋሉት ከርሲ'ያ ኤርትራ።

ከም ዝፍለጥ፡ መሰረት ቱሪዝም፡ ህዝብን ባህርያዊ ተፈጥሮን እዮም። ህዝብን ባህርያዊ ተፈጥሮን ብሃገር ይውከሉ፡ ሃገር ብመንግስቲ ይውከል፡ መንግስቲ ድማ ብትካላቱ፡ ፖሊሲታቱን ስትራተጂታቱን። ናይ መንግስቲ መግለጺ ካብ ዝኾኑ መሓውር ሓደ ድማ ሚኒስትሪ ቱሪዝም እዩ።

ናይ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ፖሊሲን ስትራተጅን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ናይ ምዕባለ ፖሊሲ ዝተሓቖፈ ኮይኑ፡ ንከም ውጥን፡ ምዕባለን ምሕደራን ቱሪዝም ኣመልኪቶም ንዘውጽኡ ውሳኔታት ኣማእዚኒ ምሕደራ እዩ። ቀንዲ ቶኽረቱ ከኣ፡ ጸጋታት ናይ ወለዶታት ምኳኖም ዘማዝዙበ፡ ቀጻልነቱ ከውሕስ ዝጽዕት፡ ጥንቁቓትን ሓላፍነታውን ኣከባብያዊ ንቕሓት ዘማእከለ፡ ብዓይነቱ ብሉጽ ቱሪዝም እዩ።

እቲ ሚኒስትሪ ብክልተ ክፍልታት፡ ዝተፈላለዩ ጨናፍራትን ኣሃዱታትን ዝቖመ ኮይኑ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣስመራ (ካብ ቀንዲ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ) ኣሰታት ሰለስተ ኪ.ሜ እዩ። ኣብ ሽዱሽተአን ዞባታት ኤርትራ ድማ ወኪልቲ ኣብያተ ጽሕፈት ኣለዎ።

ቱሪዝም ኤርትራ፡ ዘቤታውን ኣህጉራውን ቱሪዝም መሰረት ንቕሎኡ ገይሩ እዩ ዝንቀሳቐስ። ብፍላይ ዘቤታዊ ቱሪዝም ማእከል ስሕበት ሃገራዊ ቱሪዝማዊ ስትራተጂ ኤርትራ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣምር ወይ ሰፊሕ ግንዛበ ኣብ ምድላውን ምምዕባልን ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ወሳንን ኣገዳስን ግደ ኣለዎ” ዝብል መንቀሊ ሓሳብ ብምውሳድ፡ ፈለማ ዘቤታዊ ቱሪዝም እንታይ እዩ፧ ካብ ኣህጉራዊ ቱሪዝም'ከ ብምንታይ ይፍለ፧ ዝብሉ ሕቶታት ምምላስ ሓጋዚ ተራ ይህሉዎ። መልሲ ናይዞም ክልተ ሕቶታት ኣብቶም በጺሒቲ ምርኩስ ዝገበረ እዩ።

ሀ - ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ዶባት ሃገሮም ካብን ናብን ዝገብሩዎ ምንቅስቓስ እዩ። ኣህጉራዊ ቱሪዝም ድማ ክንጾ ዶብ ሃገራት ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ።

ለ - ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ዶባት ሃገሩ ኣይሰግርን፤ ቪዛ፡ ፓስፖርት ኣየድልዮን። ኣህጉራዊ ቱሪዝም ዶባት ንምስጋር፡ ቪዛ፡ ፓስፖርትን ካልኦት ሰነዳትን ይጠልብ።

ሐ - ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣብ ዝኸዶ ቦታታት ብናይ ሃገሩ ባጤራ ይጥቀም። ኣህጉራዊ ቱሪዝም ባጤራታት ክቕይየር ግድን ይኸውን።

መ - ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ግዜ ዑደቱን ዝሸፍኖ ርሕቀትን መብዛሕትኡ ሓጺር እዩ። ኣህጉራዊ ቱሪዝም፡ ግዜ ዑደቱን ዝሸፍኖ ርሕቀትን መብዛሕትኡ ነዊሕ'ዩ።

ሰ - ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ኑቲ ባህልን ኣከባብን እምብዛ ጋሻ ኣይኮነን። ኣህጉራዊ ቱሪዝም፡ ኑቲ ባህልን ኣከባብን ጋሻ እዩ።

ኣብነታት ዘቤታዊ ቱሪዝም - ቻይናውያን ናብ ዓቢ ግንቢ ዝገብሩዎ ምብጻሕ፡ ህንዳውያን ናብ ታጅማሃል፡ ፈረንሳውያን ናብ ኤፍል ታወር፡ ኤርትራውያን ናብ ሰርሒት ፈንቅል፡ ማርያም ደብረሲና፡ ሳዋ፡ ኣቡነ ኣንበሳ ወዘተ. ክጥቀስ ይከኣል።

### ፍልስፍናዊ መግለጺ ዘቤታዊ ቱሪዝም

- ናይ ተዛደሶን ፈንጠዝያን ሃዋሁ ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፡ ዜጋታት ኣከባቢኦም፡ ታሪኾም፡ ባህሎም፡ ያታታቶም፡ ክብርታቶምን መበቆላውነቶምን ብዝለፍሐን ግሉጽን ኩነት ንኽፈልጡን ከስተማቕሩን የኽእሎም።

- ኣብ ሓድሕዶም ዘሎ ብዙሕነትን ሓድነትን፡ ባህሊ ፖለቲካዊ ምትእስሳራትን ብንቕሓት ከም ዝርድኡዎን ዘማዝዙዎን ይገብር።

- ኣብ ሕሉፍን ህሉውን ናይ ሓባር መረዳእታ ንኽፈጥሩ ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ንርሑቕ ዝኣመተ ናይ ሓባር መጻኢ ኣብ ምስኣል እውን ግደ ኣለዎ።

- ዜጋታት ካብ ኣፍልጦን ንቕሓትን ተበጊሶም፡ ኣብ ምዕቃብ፡ ምምዕባልን ምዝርጋሕን ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣበርክቶ ንኽህልዎም ባይታ የጣጥሕ።

- ዜጋታት ብመገዲ ቱሪዝም ኣብ ዝራኸቡሉ፡ ናይ ሓባር መንነት ኣብ ምድልዳል ተራኡ ዕዙዝ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ፍቕሪ ህዝቢ፡ ሃገር፡ ዜግነታዊ ሓላፍነት ኣብ ምኽሳኡ ግደኡ ዓቢ እዩ።

- ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ እቲ ጊያሻይ ካብቲ ዝገሾ፡ እቲ ተቐባል ጋሻ ከኣ ካብቲ ጋሻ ዝወርሶ ኣተሓሳስባን ጽልዋን ኣለዎ።

- ከም ሓደ ንሓርነት ተቓሊሱ ዋጋ ከፊሉ ዘረጋገጸ ህዝቢ መጠን ድማ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ታሪኹን ቦታታቱን ሓበን ይስመዖ።

### ቁጠባዊ መግለጺ ዘቤታዊ ቱሪዝም ኤርትራ

ሃገራዊ ውጥን ቱሪዝማዊ ምዕባለ 2000-2020 “ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣዝዩ ኣገዳስን ዲናሚካውን ጽላት ዓለምና ኮይኑ ኣብ ግሎባዊ ቁጠባ 13% ኣበርክቶ ይገብር” ክብል ይገልጽ። ናይ 2018 ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ ቱሪዝም ድማ፡ ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣብ ኣፍሪቃ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኢንዱስትርያዊ ጽላታት ኮይኑ፡ 8.5% ማለት 194.2 ቢልዮን ዶላር ዕብየት ካብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ እቶት ምዃኑ ይገልጽ። ኣብ 2018 ኣፍሪቃ ኣብ ዘቤታዊ ቱሪዝም 5.6% ዕብየት ከተርኢ እንከላ፡ ዓለምና ግን ብድምር 3.9% ዕብየት ጥራይ ኣመዝጊባ። በዚ መሰረት እዛ እንነብረላ ክፍለ ዓለም 56%፡ ዓለም ድማ 44% ቁጠባዊ ዕብየት ኣመዝጊበን። ብዛዕባ ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣብ ኤርትራ፡ ብደቂቕ ዝተኣከበ ኣሃዛት ዛጊት ክረኽብ'ኳ እንተዘይከኣልኩ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ኣፍሪቃዊ መቓን ኣእቲኻ ዘይሃናቕ ቁጠባውን ማሕበራውን ኣበርክቶ ከምዝጸንሐ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

### ኣገዳስነት ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣብዚ መድረኽ'ዚ

“ኢንዱስትሪ ንግዲን ቱሪዝምን ኣፍሪቃ” ዝተባህለ ትካል፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ምስቲ ዘለዋ መስሕብ ቱሪስት ዝኾነ ኽዚፍ ጸጋታት፡ ምምዕባል ዘቤታዊ ቱሪዝም እቲ ዝበለጸ ስትራተጂ ምዃኑ ይገልጽ። ሚኒስተር ቱሪዝምን እንስሳ ዘገዳምን ኬንያ፡ ሚስተር ናጅብ ባላላ፡ ኣብ እዋን ኮቪድ 19፡ “ቱሪዝም ኣፍሪቃ ቅልጡፍ ሕወየት ከረጋግጽ ምሕያል ዘቤታዊ ቱሪዝም እቲ ዝበለጸ መገዲ” ኢሉ ነይሩ። እዚ ንሱ ዝበሎ፡ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ኤርትራ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ቀንዲ ስትራተጂ'ዩ። ከምቲ ኣቦታትና “ንሽሮ ጠሰሚ እንተተወሰኾ መቀረ” ዝበሉዎ፡ እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ዝያዳ ግምት እንተተዋህቦም ድማ ኣይጽላእን።

1ይ - ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና፡ ንዜጋታት ሰሓብቲ ዝኾኑ ቦታታት ምልላይ፡ ምኽንያቱ ቱሪዝም ኣብ ሰፊሕ ንጥፈታትን ብዙሕ መዳያዊ መስሕብ በጺሒትን ዝምርኩስ ስለዝኾነ።

2ይ - ኣብ ቱሪዝም፡ ‘ዝበጽሕ ቦታታት ክትከዶ ተብህግን ምቹእን ክኸውን ኣለዎ’ ዝብል ቅቡል መትከል ኣሎ። በዚ መሰረት ብቐዓቱ ዝሓለወ እትሸኽሉ ሽቓቕ፡ ጠሚኻ እትዕንገለሉ፡ ጸሚእካ እትረወየሉ፡ ደኺምካ እተዕርፈሉ፡ ማይ ንእግርኻ እትረኽበሉ እንተኾይኑ፡ ንኽትበጽሖ ወይ ክትከዶ ትብህግ። ስለዚ፡ ነዚ ዘማልእ ከባቢታት ኤርትራ ውሑድ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ዝያዳ ምፍጣርን ኑቲ ዘሎ ምውርጻጽን ግን፡ ናይ ኩሉ ግዱስ ዜጋ ሓላፍነት እዩ።

3ይ - ስሉጥን ኣማራጺታት ዘለዎን ስርዓት-መጓዓዝያ፡ ዋጋ ድማ ርትዓዊ ምስ ዝኸውን ዝያዳ በጺሒቲ ይዕድም።

4ይ - ወሃብቲ ኣገልግሎታት፡ ቱሪዝማዊ ሕግታትን ቅጥዕታትን ኣማሊኦም ዝሰርሑን ክሰርሑ ብሕጊ ዝግደዱን'ኳ እንተኾኑ፡ ገለ ውሑዳት “ገሰሞ! እንተዘይደሊኻ ተሓሰሞ!” ዝብሉ ኣይስኣኑን። ክብሪ ዓሚል ዝርድኡን ዜግነታዊ ሓላፍነት ተሰሚዑዎም፡ ኑቲ ሓፋሽ ህዝቢ ዘቃምቱን ክኾኑ ድማ፡ ሞያዊ ስነምግባር ይሓቶም።

5ይ - ብወሃብቲ ትካላት ኣገልግሎታት ብዓብን ብስፍሓትን ናይ ምቕራብ ተበግሶ ኣብ ዝዝለ፡ ትሕቲ ቅርጺ ማዕረ ማዕረኡ ይምዕበልን ቀላሒታ መንግስቲ ኣብቲ ጽላት ድማ ማዕረኡ ይብርኽን።

### ሰላም መሰረት ምዕባለ ቱሪዝም

ሰላም ኣይኮነንዶ ንቱሪዝም፡ ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ወሳንን ደራኺን'ዩ። ከምቲ ጸላም ብብርሃን ምስ ዝትካእ ዝምቅር፡ ቱሪዝም ድማ ብሰላም'ዩ ዝደምቕ። ሓሪስካን ኣልሚዕካን ዘፍረኻዮ ፍርያት፡ ሓያልን ዓመጸኛን ዝወሰዶ እንተኾይኑ፡ ፋይዳ የብሉን። ከምቲ ኣብ ጎረቤትና እንርእዮ፡ ሰላም ብሓይሊ ብረት፡ ምልሻ፡ ፍሉይ ሓይሊ፡ ሰራዊት መንግስትን ዓቃብ ሰላምን ጥራይ ዝረጋገጽ እንተኾይኑ፡ ካብዚ ዝኸፍአ፡ እምነት ዜጋታት ኣብ ሓይሊ ፖሊስን ጸጥታን ምርኩስ ዝገበረ ምስ ዝኸውን፡ ኣይኮነን ቱሪዝም፡ ንብር መዓልታዊ ህይወት ንምምራሕ'ውን ዘጸግም'ዩ። እዚ ዘይቅርዑይ ክዉንነት'ዚ፡ ብዘይካ ኣብ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ንረኽቦ።

ገለ ሃገራት፡ እጹብ ድንቂ ዝኾነ ባህርያውን ሰብ ዝሰርሖን ጸጋታት ተዓዲለን ኩብቅዓ፡ ብሰሪ ስእነት ሰላም፡ በጺሒቲ ዝሕረመወን ኮይነን ንረኽበን። ከም ኣብነት ግብጺ እንተወሰድና፡ ብሰሪ ግብረ ሽበራውያን፡ በጺሒቲ (ቱሪስት) ናብኦም ኣብ ርሑቕ ዝርከቡ ፒራሚዳት ንምዕዛብ ይሸገሩ እዮም። ኢትዮጵያ'ውን ብሰሪ ክልልን ዓሌትን ዝመንቀሊኡ ጎንጽታት፡ በጺሒቲ ሕቶኦም ክህቡዋ ከም ዝጀመሩ ጸብጻባት የረድኡ። ናብ ሃገረ ኣልጀርያ ኣብ “ዙር ኣልጀርያ” ንምስታፍ ኣብ ዝኸደኩሉ፡ ኩሎም ንብጽሖምን ንሓልፎምን ዝበርና ቦታታት፡ እንተላይ ብሄሊኮፕተር ዝተደገፈ ኣብ ትሕቲ ጽንዕ ወተሃደራውን ጸጥታውን ከለላ ምንባሮም እዝክር። ስለዚ ወጻኢተኛታት ይኹኑ እንተላይ ዜጋታት ናይዘን ሃገራት፡ ብሰሪ ስእነት ሰላም፡ ጸጋታቶም ከስተማቕርዎ ኣይተዓደሉን። እንተ ንኤርትራ ግን ሰላም ፍሉይ ወህብቶኣ እዩ።

ናብ ካልኣይ ገጽ ይቕጽል



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፌ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ምምሃር ብቋንቋ ኣደ 1ይ ክፋል |
| 14:20 | መደብ ቆላሕታ |
| 14:50 | መደብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 20:00 | ዜና ትግሬ |
| 20:15 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

# “ኮም ዝሰረቱ ውዳበና፡ መሰረት ኩሉንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና!”

ሽዊት ገብረብርሃን

መንእሰይ ውዑይ ሓይሊ እዩ። ነዚ ውዑይ ሓይሊ ዝፍጠረሉ ባይታ ከኣ መኣዝኑ ክፈልጥን መጻኢኡ ከውሕስ የኽእሎ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ብደረጃ ሃገርን ዞባን ዝብገሱ መደባት መንእሰያት ዘለዎም ተውህቦ ኣለልዮም ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ደይቦም ጎሊሖም ንኽወጹ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገግሎታት ባይታ ይፍጠሩ እዮም። እዞም ምስ መንእሰያት ብፍሉይ ምትእስሳር ብዘለዎም ኣካላት ማለት ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ሃማመተኤን ዝውጠኑ መደባት ድማ መሳላልል ብምዃን መጻኢ መንእሰያት ኣብ ምውሓስ ዘይንዓቕ ኣበርክቶም እዩ ዘለዎም።

ሃማመተኤ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መንእሰያት ከካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ብመሰረት ሓድሽ ስትራተጅያዊ ውጥን (2026-2030)፡ መሓውራቱ ክሳብ ዓድን ክፍልን ብምዝርጋሕ ንኹሉ መንእሰይን ተመሃሮን ንምውዳብን ንምምእዛንን ዘኽእል ቅርጽን ኣወዳድባን ብምሕያል፡ ንነፍሲወከፍ ዓድን ክፍልን ወከልቲ ከም ዝህልዋ ብምግባር፡ ንዕኦም ዘወሃህዱ ኣካየድቲ ኣካል ምምሕዳር ከባብን ቤት ትምህርትን ኣቕሙ። ኣባላት ኣካየድቲ ኣካል መዛንኦም ንምእላይ










ዘኽእል ጥበባትን ንቕሓቶም ዘበርኽ ዝተፈላለዩ ኣርእስታትን ኣብ ምሕደራ፡ ፖለቲካ፡ ስነ-ኣእምሮ፡ ታሪኽን ካልእን ዝሓቘፈ ስልጠና ብስሩዕ ኣብ ዞባን ንኡሳን ዞባታትን ብምሃብ፡ ንመንእሰያት ሞያ፡ ፍልጠትን ንቕሓትን ንምዕጣቕ ብውህደት ይሰርሕ ከም ዘሎ'ውን ዝፍለጥ እዩ።

ከም መቐጸልታ ናይዚ ውዳባዊ ስራሕ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣብ ትሕቲ “ኮም ዝሰረቱ ውዳበና፡ መሰረት ኩሉንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና!” ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ካብ 10/03/2026 - 24/04/2026 ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት፡ 163 ምምሕዳር ከባቢታት፡ 143 ማእከላይን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ውድድራዊ “ቅነ መንእሰያት” ብምክያድ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ውድድራር ኣብ ንኡሳን ዞባታቶም ብሉጽ ስራሕ ዘቕረቡን ካልኣይ እብረ መዛዘሚ ብዞባ ደረጃ ብምእካብ ካብ ዕለት 24/08/2026 – 04/09/2026 ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብን ዝተመርጸ ምምሕዳር ከባቢታትን ዝመጹ መንእሰያት ብምእካብ ተዛዚሙ ይርከብ።

ኣብቲ ብ4 መስከረም ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ዕዱማትን ዝተረኽብሉ ውዕዉዕ ናይ መዛዘሚ መደብ እምበኣር ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለዎም መንእሰያት ሓድሕድ ተመክሮታት ንኽለዋወጡ ባይታ ምፍጣር፡ ሰውራውን ሕብረተሰባውን ክብርታት ናብ መንእሰያት ከም ዝሰጋገሩን ብግቡእ ከም ዝኹልዑን ንምግባር፡ መንእሰያት ንኹሉ ብድሆታት ሰጊሮም፡ ብልዑል ወንን ተወፋይነትን ሃናጺ ኣበርክቶ ንኽገብሩ ድርኺቲ ንምፍጣርን ዝብሉ መሰረታውያን ዕላማታት ዝሓዘ ምዃኑ ኣብ ዝጠቐሰሉ፡ ኣብ ንኡስ ዞባን ምምሕዳር ከባቢታትን ኣብያተ ትምህርትን ዝርከቡ ውዳበታት ሃማመተኤ ወነንትን ገለጽትን መደባቶም ኮይኖም ዝያዳ ንምትብባዕን ውዳበኦም ንምሕያልን ካብ ቀንዲ ዕላምኡ ምዃኑ ኣነጺሩ። ብተወሳኺ ቅነ መንእሰያት ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሩ ናይ ተወዳደርነት መንፈስ ዘበርኽ መደብ ምዃኑ ገሊጹ።

ብኣካል ዝደልደለ፡ ብኣእምሮ ዝበሰለ፡ ብዲስፕሊን ዝተሃንጸ፡ መንነቱን ታሪኹን ዝፈልጥ፡ ብባህሉን ክብርታቱን ዝሕበን፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝዕቅብን ዘደልድልን፡ ንሃገራዊ ረብሓታት ዘቐድም፡ ኣብ ነብሱ ዝተኣማመን፡ ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት ዝዓጠቐ፡ መሃዚ ኣፍራዩን ሓላፍነታዊ መንእሰይ ከም ቀንዲ ሃገራዊ ጸጋን ርእሰ ማልን ምንባዩን ምምዕባሉን ኣካል ተልእኾ ሃማመተኤን ልምዓታዊ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ'ዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ተጨባጢ ዝኸውን ግና፡ ሕብረተሰብ ብዓቢኡ፡ ጻዕርታቱ ዝተወሃሃደ ምስ ዝኸውን'ዩ። ስለዚ ኣብ መንእሰያት ዝካየድ መደብ ዝተወሃሃደን ተማላላእን ኮይኑ፡ ንኣድማዒ ውጽኢት ውሁድ ወፍሪ ኣብ መንእሰያቱ ከካየድ መድረኻዊ ሕቶ ምዃኑ መንእሰይ ግርማይ መዘኻኸሪ ኣቕሪቡ።

ቅነ መንእሰያት ኣብ ሓሙሽተ ዓውድታት ማለት ትምህርታዊ፡ ባህላዊ፡ ስፖርታዊ፡ ቁሸት መንእሰያትን ውድባዊ ብቕዓትን ብጠቕላላ ኣብ 24 ዓይነት ውድድራት መንእሰያት ብቕዓቶም ዘንጸባርቑሉ መድረኽ ኮይኑ፡ ሃማመተኤ ንቕሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ካብ ዘካይዶም መደባት፡ እቲ ዝሰፍሐን ዝያዳ ጽልዋ ዘለዎን ቅነ መንእሰያት እዩ። እዚ ቅነ፡ መንእሰያት ተወዲቦም ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ዘንጸባርቕሉ ፡ ፈጠራዊ ስርሓቶም ንኻልኦት መንእሰያት ዘላልዩሉ፡ ሓድሕድ ተመኩሮ ዝለዋወጡሉን፡ ንዕቑር ዓቕሚ መንእሰያት፡ ኣብ ምውርራስ ባህሊ፡ ክብርታትን መንነትን ጸላዊ ኣበርክቶ ዝገብር መድረኽ እዩ። ብጠቕላላ ኣብ ቅነ መንእሰያት ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታትን ኣብያተ ትምህርትን 6392 ደቂ ኣንስቲዮ ዝርከብኦም 11,782 መንእሰያት ብቐጥታ ተወዳደርቲ ኮይኖም ክቐርቡ ከለዉ፡ ልዕሊ 69,200 መንእሰያት ድማ ብዘይ ቀጥታዊ መልክዕ ተሳተፍቲ ምንባሮም ሰነዳት ናይቲ ቅነ የነጽር።

ኣብቲ ልዑል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ናይ ምዕዋት ንሒን ዝተራእየሉ ዝተፈላለዩ ውድድራት እምበኣር፡ ኣብ ውድድር ኣብ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠን ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ናትናኤል ኤልያስ ካብ ንኡስ ዞባ ድባርዋን ደሊና መሓሪ ካብ መንደፈራ፣ ኣብ ምትርጓም ጽሑፋት ዳኒኤል ንርኣዮ ካብ ዓረዛን ሃና ብርሃን ካብ ሰገነይቲን ክኾኑ ከለዉ፡ ጉብለል ትምህርታዊ ውድድራት ዝኾት ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ 10,000.00 ናቕፋ ተሸሊማ።

ኣብ ውድድር ስነ ግጥሚ ዘርእሰናይ ፍሻለ ካብ ዓረዛ፡ ኣብ ውድድር ደርፊ ቀያሕቲ ዕምባብ ናስር መሓመድሓጎስ ካብ እምኒ ሓይሊ ዕዉታት ኮይኖም።

ኣብ ውድድር ደርፊ ዓበይቲ ዕዉት ዝኾነ ዘርኢት ተስፋየውሃንስ ካብ ድባርዋ 5,000.00 ናቕፋ፡ ቀዳመይቲ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባብ ድማ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብምዃን 7,000.00 ናቕፋ ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ውድድር ትልሂት ድማ ንኡስ ዞባ ዓዲቀይሕ ዕውትቲ ብምዃን ተመሳሳሊ 7,000.00 ናቕፋ ወሲዳ። ጉብለል ባህላዊ ውድድራት ዝኾነት ንኡስ ዞባ መንደፈራ ድማ 10,000.00 ናቕፋ ወሲዳ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ምምሕዳር/ከባቢ ዞባ 01 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GEE BC99002014 ናይ ፎርኖ ሕብስቲ ትካለይ፡ ንኣቶ መርሃዊ ተኽለማርያም ዘርኢዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ምምሕዳር ከባቢ ዞባ 03 ብዕለት 26/02/2020 ብቁ.መዝገብ BW99001851 ስለ ስሸጥኩሉ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃሊዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ንፈልጥ፡፡

ኣብርሃለይ ወልዱ ዑቕባገርግሽ

ኣነ ወ/ሮ ጀሚላ ሰዒድ ናስር፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ደባርዋ ዞባ 01-ፕሎት 22-ፓርሰል F - ስፍሓቱ 250.05 ት/ሜ ዝኾነ፡ ብቁጽሪ ምስክር ዋንነት 96/0204 ብስም ወ/ሮ መልኩ በሽር ሓጎስ ዝተመዝገበ ገዛ ብዝምልከት፡ ወረ/ፍ/ት ሙልኩ በሽር ሓጎስ ንዘገበሩለይ ሕድገት፡ ቤ/ፍ ሸሪዓ ኣስመራ ብዕለት 13/03/2024 ብቁ/መዝ/337/2024 ብዘጽደቐ መሰረት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ብዕዳ ሓለዋ ኣለኹ ዝብል ወይ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ምኻኑ ይሕበር፡፡

ወ/ሮ ጀሚላ ሰዒድ ናስር

ኣነ ኣመልካቲ ወኪል ናይ ነፍ/ሄር ዳውድ ሓምድ መሓመድ፡ ወራሲ ወዲ መሰጣቱ ዳውድ ሓምድ ዝኾንኩ፡ ነቲ ካብ ኣቡኡ ምስ 2 ኣሕዋቱ ብውርሲ ዝረኸቦ መንበሪ ገዛ ብስሞም ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ከተማ ብቁ.ምስክር ወረቐት 117647 ብመወከሲ ቁጽሪ 132902 ኣብ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/03 ጎደና 671 ቁ.ገዛ 43/49 ስፍሓት መሬት 440 ዝኾነ መንበሪ ገዛ ኣለዎም፡ እቲ መንበሪ ገዛ ኣብ 3 ኣሕዋት ክማቐልዎ ስለ ዝደለዩ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

መሰጣቱ ዳውድ ሓምድ
ወኪል ዓብዱ መ/ብርሃን ሱሌማን

ምልክታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራትን ኩባንያታት፡ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብዓቢኑ መለክዒታት እትግልገሉ ወሃንቲ ሚዛናት ምስ ኪሎታት ሊትሮታት፡ ሜትሮታት ኣውቶማቲክ ሚዛናት ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ - ድሕሪ ሲኒማ ሮማ ጎረቤት ኢምባሲ ጥልያን ኣቕሪብኩም ከተመርምሩ ብትሕትና እናሓበርና፡ ኣብ ግዜኦም ኣቕሪቦም ዘይመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምኻንና ብተወሳኺ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ናዝሬት ተስፋጽዮን መበራህቱ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን፡ "ናዝሬት ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (NAZRIET DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቀዳማይ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ደንከል፡ ዚፕ ኮድ ASP00027187 ፕሎት 16B ፓርሰል B ቁጽሪ ገዛ 73 ብዘሐ ክፍልታት ቀንዲ 4፡ ሓገዝቲ 3 ስፍሓት መሬት 97.07 ት/ሜ ስሩሕ መሬት 75.79 ት/ሜ ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብስም ወሃብቶ ዝፈጸመትለይ ወላዲተይ ወ/ሮ ሓዳስ ዑቕቡ ገብሩ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናብ ወደይ ኣቶ ተወልደ በሊይ ሓጎስ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዋሚ እንተዘይ ቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጸም ምኻንና ንሕበር፡፡

ወ/ሮ ሓዳስ ዑቕቡ ገብሩ

ብስም ኣቶ ሰዒድ ዓብዱሰመድ ዓብደርሓማን፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 15491 ቁጽሪ መዝገብ 13602 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዝርዝር ሃለኽትን ፍረታትን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሄለን ብርሃነ ተወልደ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07318342 ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/08/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሰዒድ ዓብዱሰመድ ዓብደርሓማን

ብስም ወ/ሮ ብስራት ሃይለ ይግዛው፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 5710 ቁጽሪ መዝገብ 5215 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ ኩዶፈላሲ ዝርከብ ናይ መጥሓን እኽሊ ትካለይ፡ ንኣቶ በረኸት ገብረእየሱስ ወ/መንግስቆስ፡ ኣድራሻ ዓዲ ባሪ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07138908 ካብ ዕለት 24/08/2026 ክሳብ ዕለት 24/08/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ብስራት ሃይለ

ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/02 ጎደና ዘ ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ፡ ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 111064 መወከሲ ቁጽሪ 122210/122211 ብስም ኣዴና ኣበባ ካሕሳይ ሰንቁ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት፡ ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጸም ምኻንና እሕበር፡፡

ወኪል ወ/ሮ ተብርህ ፍስሃጽዮ

ንሕና ቀሺ በረኸት ተኽለን ሚካኤል ተኽለን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ዞባ 3 ንኡስ ዞባ 5 ፕሎት 10 ፓርሰል G ስፍሓት መሬት ብዓቐኑ 500 ት/ሜትር መ/ቁ 130670/198/መ.ቁ/72 ንክስራሕ ካብ ክፍሊ ፕላንን ቴክኒክን ዝተዋህበና ናይ ፍቓድ ደብዳበ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07152415 ክሕበረና ንምም/ን/ዞባ ቀሓውታ ከረክበልና፡፡ እንተዘየሎ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምኻንና ብትሕትና ምልክታና ንፈልጥ፡፡

ሚካኤል ተኽለ +1

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲ. ኣቶ ተኽለሚካኤል ጉብረኣብ ቀሉታ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ የሱፍ መሓመድኖልሕ ዐሶማ፡ ናይ ስም ምስግጋር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ጺጋይ ዳኒኤል ሃይሉ፡ ኣቦና ቀሺ ሃይለ ተመልሶ መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ዓዘዛ ጃብር ሰዒድ፡ ስም ኣደይ ዓሻ እድሪስ ማሓሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ኣምባሳደር ጸሃዩ ኣሰፋው፡ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00044043 ዝፍኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ በላ ቁ/ገዛ 16 ዝርከብ ናይ ኤለክትሪክ ኣቑሑ መሸጥን መጸገንን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሸዊት ጉብረማስቀል ሰለሙን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-2 ቁ.ገዛ 75 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክምዝፍጸመሉ ፍለጥ፡፡

ኣምባሳደር ጸሃዩ ኣሰፋው

ኣነ ኣቶ ዓብደልዋሃብ መሓመድ ኢማም ዝተበሃልኩ፡ ወላዲየይ መሓመድ ኢማም ዓብደልቃድር ኣሕመድ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞ 01 ምም/ከባቢ 07 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት ማለት ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 103477 መወከሲ ቁጽሪ 104939፡ ጎደና ማርሳ ተኽላይ ቁ.ገዛ 13/15 ፓርሰል D ዝተመዝገበ ገዛኡ፡ ብውህብቶ ስለዝሃበኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ከኣ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓብደልዋሃብ መሓመድ ኢማም

ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ እምሃ (ወኪል) ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ውዑይ ነገርን ጽማቖትን ንግዳዊ ትካለን፡ ' 'ፋቸር ላይት" (FUTURE LIGHT) ዝበሃል "ኣብርሃ እምሃ መሸጢ ውዑይ ነገርን ጽማቖትን" (ABRHA EMHA JUICE/COFFEE SHOP) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ፍለጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣነ ኣረጋሽ ካሕሳይ ስእሉ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም.06 (ምም/ን/ዞባ 4 ኣስመራ) ጉደና "ሰ" ቁጽሪ ገዛ 47 ቁ. ሎታ15 ቁ.ፓርቸላ C ዝርከብ፡ ኣብ ከምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109268 መወከሲ ቁ.103849 ብስም ብዓል ቤተይ ኣፍ.ወልደየውሃንስ ወልዱ ተመዝጊቡ ዋንኡ እተረጋገጸ ዘይቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብዓል ቤተይ ኣፍ. ወልደየውሃንስ ወልዱ፡ እዚ ገዛ ብሰበዋ ስለ ዝበደሩለይ፡ ስም ዋንኡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኽንያይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣረጋሽ ካሕሳይ ስእሉ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጸጸራት ከባቢ ዚፕ ኮድ ጸጸራት 1A188 ፕሎት 157 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00010188 ፓርሰል K ጎደና 188-5 ቁ.ገዛ 01 ናይ ዝርከብ ብስም ሰመረ ኣምለሶም ዑቕባዝጊ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1:004020 ናይ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ገዛ ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07115507 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኽንያይ እሕብር፡፡

ሰመረ ኣምለሶም ዑቕባዝጊ

## ምልክታ ጨረታ

ውዕል ቀረብ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመማቱን ኣገልግሎት ምጥሓን ገፍሮ በርበረን ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ንተማሃሮ ዝውዕል ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመማቱን ኣገልግሎት ምጥሓን በርበረን ክጫረት ስለዝደለየ ንሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመማቱ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ምጥሓን ገፍሮ በርበረ፡ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሰራ ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2025 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ብቁጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይኮውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ ሰራሕተኛ ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 100,000.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብ(CPO) ኣትሒዞም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኸበ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ
ቁሳፖስታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ 08202691/08371122



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ፍቕሪን ሕውነትን ንሸነትርፍ፡ ምሕረት ጌርና ኣለና” ስድራቤት መዋቲ

*ሓደጋ ወዘቢ'ዩ፡ መጻሰን ኣብይን የጋጥም ስለዘይፍለጥ ከኣ ከሉ ግዜ ልዑል ጥንቃቐ ይሓትት። ሓደጋ ዘኸትሎ ኣካላውን ስኑ ኣእምሮኣውን ዝኣያ ከቢድ'ዩ፡ ሞት እንተደኣ ኣኸቲሉ ድማ፡ እቲ ዝፍጠር ሓዘንን ዘኸትሎናን ብቕሉ መዝጸር ይሕይድ። እቲ ጉዳይ ብሰላም፡ ዕርቂን ምሕረትን እንተ ዘይደቂሉ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋቲን ፈጻሚ ሓደጋን ዘይተደልየ ጸገም ይፍጠር። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ሽማግለታትን ዘጸውርኽ ደግፍት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝማር ኣገዛብ ምሕረትን ዕርቅን ኣሎ። ቀጺልና እንግዕዶ፡ ብሰናይ ደሊትን ምርድኣእን ስድራቤት መዋቲ ብምሕራግ ኣገዛብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ክስዕበለኩም - ሰናይ ንባብ-*

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ኣስመራ (ፎርቢያ) - ሚዛን ሓሊፍኑ እዩ ብዕለት 27 ነሓሰ 2026 ሰዓት 2:30 ድ.ቐ ኣጋጢሙ። መኪና ኣብ ምምራሕ ዝጠቢ ኣቶ ጎይትኦም ከፈላ ብጸግራ ይጉዓዝ ንዝጠቢ ኣቶ ዘርኣብሩኽ ዑቕቡ ወልደኪዳን ብመኪና ሃሪሙ ድማዩ ሞት ዘብጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። ኣቶ ዘርኣብሩኽ ዑቕቡ ወልደኪዳን በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ሓደጋ ፈለማ ሆስፒታል ሓሊበት፣ ጸኒሑ ድማ ሆስፒታል ኦሮታ'ኳ እንተበጽሐ፡ ክሰርር ግን ኣይከኣለን - ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ'ዩ ዓሪፉ። ብዕለት 1 መስከረም 2026 ከኣ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ - ጸጸራት፡



ኣቶ ጎይትኦም ከፈላ (ፈጻሚ ሓደጋ)

ቤተሰቡ፡ ደቂዓዱን ፈለጥቱን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ብኸብ ዝበለ ስነስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። ፈጻሚ ሓደጋውን ብኡ ምሕረት ስድራቤት መዋቲ፡ ኣብ ሰሙኑ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከም ዝወጽእ ተገይሩ፡ ኣብ ዕሱ ወዒሉ።

ዝ. ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ክልቲኦም ስድራቤታት ብመንገዲ ካብ ክልቲኦም ዝወጽኡት ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዘድሊ ምርድኣእ ምስ ተገበረ፡ ብ15 መስከረም 2026፡ ኣብ መንበሮም ክልተ ስድራቤታት ወምዖዊ ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ ኣሎ።

ኣብቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ጎይትኦም ከፈላ ስድራቤቱን ቤተሰቡን ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ኣቦሃ. ኣቶ ዘርኣብሩኽ ዑቕበ ቀሪቡ። ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈትዎ ቀሺ ዘርኣይ ዑቕባዝጊ ድማ፡ ተቛጺርም ምርኻብም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ብስድራቤት መዋቲ ንዘተዝብረሎም ከሉ መዲያዊ ኣቀባብላን ኣኽብሮትን ምስጋንኦም ብምሃብ፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ነታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መሰኪዒ ዘይብላ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብዘርር ደረጃ ዝዐለጸ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምኻኑ ሓቢሮምን ኣመስጊኖምን።

ቀጺሉ ነቲ ስነስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ቃሎም ዝሃቡ ካብ ስድራቤት መዋቲ ኣቦይ ተኽለሰንበት ጥላይ ንብሪይ'የም። ኣቦይ ተኽለሰንበት፡ “ዘርኣብሩኽ ወድና ክቕተል፡ ጎይትኦም ወድና ድማ ክቐትል ኣይወፈሩን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰር ስለዘይክእል'ዩ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኩም ከኣ ካብታ ወድና ብመኪና ዝተሃርመላን ሕቶምና ዝኸደላን ኣትሒዝኩም፡ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚአ ካብ ከይተፈለኹም ብዋበእ ስለ ዝደበስኩምና የቐጽልና። ዘርኣኽምና ሕያውነትን ግደን ደበሰና'ዩ፡ ካብዚ ዝበርኩምዎ ዝዓቢ ደበሰን ምጉያይን የለን። ገዛዚብ ሕልናዊ ሩፍታን ደበሰን ከምጽኣልና ኣይክእልን'ዩ። ካብ ገዛዚብ ፍቕሪን ምሕረትን ይዓቢ። ስለዚ ምሉእ ምሕረት ገርናልኩም ኣለና፣ ምሉእ ጸግዓት'ውን ይሃበና” ኢሎም።

ቀጺሉ ናይ ምሕረት ቃል ዝሃቡ ንመዋቲ ወዲ ኣሞኡ ቀሺ ብንያም ገብርኣብ ኮይኑ “ሓደጋ ወዘቢ'ዩ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰር ስለዘይክእል ክቡር ሓውና ብሓደጋ ተፈልዩና። ሕጂ ከኣ ጋር ነፍሲ ሓውና ክዝከሮ ነበሩ ስለዘይግዝብረልና፡ ኩልና ስድራቤት ተኣዚዝና ፍቕሪን ምሕረትን ክንገብር ወሲና ኣለና። ምኽንያቱ፡ እምነትና ምሕረትን ፍቕርን ስለዝሰብኽ፡ ምሕረትን ፍቕርን ከኣ ህዝብናን መንግስትናን ዝደግፉ ብዋበኡ'ውን ኣምላኽ ዝደግፎ ቅዱስ ተግባር'የ” ድሕሪ ምባል፡ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ ድሕሪ ዕርቂ እግሮም ከየሕጸሩ ንደቂ መዋቲ፡ ብዓልቲ ቤት መዋቲን ወለዲ መዋትን ደሃይ ክዝብሩሎምን ሕውነቶም ክቕጽልዎምን ተላቢዮ።

ኣሰዕብ ኣብሎም ድማ ኣቶ ተስፋሚካኤል ወልደሚካኤል፡ ኣቶ ኣብርሃም ገረዝጊሄር፡ ኣቶ ወልደየወሃንስ ሓጎስ፡ ኣቶ የማነ ምሕረትኣብ፡ ከምኡ'ውን ንመዋቲ ወዲ ሓወቦኡ ኣቶ ሙሉጌታ ተወልደመድህንየም ተዛሪቦም። ንኣቶም ንዘርኣብሩኽን ንጎይትኦምን ዘይትሰበር መዓልቲ ከም ዘራኽቦም ጠቒሶም፡ “ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየሎ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር፡ መርኣያ ልብናን ፍቕሪን'ዩ፡ ምኽንያቱ፡ ጸባሕ'ውን ንሕና እንታይ ከምዘጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ። ስለዚ ንሕና እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ስለ ዝሃቡ ፍቕሪ ከትርፍ ኢና መሪጽና። እዚ ከኣ ንኣምላኽን ንሰብን ዘለኣኽ መግለጺ ክብሪ ባህልናን ክብርታትናን ኮይኑ ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንኽሰጋገር ክንደፍኣሉ ይግብኣና” ብምባል፡ ሂወት ሰብ ክብርትን ዘይትትካእን ስለ ዝኾነት፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ማስተን ካልእ ንሓደጋ ዘቃልዑ ነገራትን ኣወጊዶም፡ ኣብ ኣዘዋውራኦም ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ተላቢዮም።

ብዓልቲ ቤት መዋቲ ወ/ሮ ትርሓስ እያሱ ከኣ “ልክዕ'ዩ ብዓል ቤተይ ጠፊኡኒ ኣሎ። ምስ ደቀይን ስድራቤተይን ቤተሰበይን ድማ መሪር



ቀሺ ብንያም ገብርኣብ

ሓዘን ተሰሚዑና'ዩ፡ እንተኾነ ኣብ ዕርቂ ፍቕሪ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ሩፍታ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ዕርቂ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ስለ ዘሎ፣ ደቀይ ድማ ብሰላም ክዓብዩልየ ስለዝደሊ፡ ኣብ'ቲ ቤተሰበይ ዝወደእዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጉድሎ የብለይን። ምሕረትን ዕርቅን ጌርና ኣለና” ክትብል ገሊጻ።

ወላዲት መዋቲ ወ/ሮ ለተማርያም ኣብዲ ብጎይኣ፡ ዘርኣብሩኽ ወደን ለዋህን ፈቃርን ከም ዝነበረ ጠቒሳ፡ የግዳ ብዘይተሓሰበ መዓልቲ ብኸምዚ ኣገባብ ካብ ስድራቤት ምፍላዩ መሪር ጓሂ ከም ዘተሰምዖን ገሊጻ። እንተኾነ፡ ፍቓድ ጎይታ ክሰር ስለ ዘይክእል፡ ንኹሉ ብጸጋ ተቐቢረ፡ ነቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ምስ ደቃንን በሰበንን ብምኽኣን ብዕርቅን ምሕረትን ክዛዘም ከም ዝወሰና ሓቢራ።

ኣሕዋት መዋቲ ወ/ሮ ሓጎሳ ዑቕበን ሳባ ዑቕበ፡ ከምኡ ድማ ንመዋቲ ሰበይቲ ሓወቦኡ ወ/ሮ ብስራት ኣርኣያ፡ “ዘርኣብሩኽ ሓውና ክቕተል፡ ጎይትኦም ድማ ክቕትል ኣይተራኸቡን፡ ዘይትሰበር መዓልቲ ግን ኣጋጢማቶም። ክቡር፡ ፈቃር፡ ለዋህ ሕያዋይ ሓው ከኣ ብሓደጋ ተፈልዩና። ሕጂ ከኣ ምሕረት ምግባር፡ ኣምላኽ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ስለ ዝኾነ ኩልና ስድራቤት ተኣዚዝና ፍቕሪን ምሕረትን ክንገብር ምውሳንና የሐብኒ” ኢለን።

ብስድራቤት መዋቲ እኹል ናይ ምሕረት ቃል ምስ ቀረበ ብወገን ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ'ዩ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ። ፈለማ በቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖም ሩፍታን ባሀታን ቃሎም ዝሃቡ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ብርሃ ቀሺ ተኽለ እዮም። ቀሺ ብርሃ፡ “ሰብ ብገዛዚብ ዘይረካ ብሰላም፡ ብፍቕሪ ብምሕረት እዩ ዝተመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሳብኩምን መሸርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኺብኩም። ግብኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ ንዘንትእለት መግለጺ ክብርትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶዩ” ኢሎም። ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋኣለም ዓጽባይ ኣየሐሞ፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበኑ ንሰማኢ ከይተረፈ'ዩ ባሀታን ፍስሀን ዝፈጥር፡ ኣምላኽና'ውን 'መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ ብጹኣን እዮም' እናበለ ንዝበደሉና ምሕረት ክንገብርን ምስኦም ክነሕርቕን ስለዘእዝዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕበናት ኢና። እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ ንእንዳኹ ይኹን ንእንዳዩ፡ ንሶማኢ ይኹን ንረኣይኡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ ቅዱስ ምርጫ'ዩ። ንስድራቤት መዋቲን ንስድራቤት ሓደጋ ፈጻሚን ከኣ ጸጋዓት ይሃብ” ክብሉ ገሊጾም።

“በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኩይኑና። ፈጣሪ ኣጠኹም ኣብ ሕያዋት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዘተመላለስናሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። ዝ፡ ሕውነት ክንተኽለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እምበ፡ ከምቲ 'ክቡር ማጠን ነብሱ የኽብርካ' ዝተባህለ 'ኣጠኹም እንደልዮ ነገር የለን፣ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ' ኢልኩም፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብርትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትኣብዩ ክዝብረኩም'ዩ” ክብሉ ቃሎም ዘሃቡ ከኣ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ፡ መሪጌታ መድሃኔ ተስፋማርያምን መሪጌታ ቀሺ ክፍለማርያም ቀሺ ሰመረን እዮም።

ቤተሰብ ፈጻሚ ሓደጋ ዝኾኑ ኣቶ ኮ/ል ሃይለ ሰልጣንን ኣቶ ግርማይ ተኽለን ብጎይኦም፡ ብስድራቤት መዋቲ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ሕድገትን ምሕረትን ስጉምቲ፡ ንሃገርን ንህዝብን ጽቡቕን ዘኹርዕን ኣብነት ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ሪዚን ኤርትራዊ ባህሊ ምኻኑ ብምግላጽ፡ ንዘተዝብረሎም ሕድገትን ምሕረትን ኣመስጊኖም።

ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ጎይትኦም ከፈላ ስለቲ ካብ ሂወቱ ዘዩርሰዮ ዝተገብረሉ ምሕረት፡ “ምስ ዘርኣብሩኽ ዘጋጠመና ሓደጋ ካብ ሕልናይ ዘይጠፍእ ከቢድ ነገር'ዩ፡ የግዳ ስድራቤቱ ካብ ጸቡቕን ፍሕሾውን



ኣቶ ዘርኣብሩኽ ዑቕበ (መዋቲ)

ኣቀባብላኦም ጀሚርኩ ኣብ ወሽጢ ክልተ ቅነ ዘይመልእ ግዜ ከምዚ ገይሮም ሕድገትን ምሕረትን ስለ ዝገበሩለይ ንወልሉቶም መግለጺ የብለይን። ጸጋኦም ካብ ፈጣሪ ይርከብዎ፣ ኣብ



ወ/ሮ ትርሓስ እያሱ

ጸበቐም ድማ የውዕለኒ” ክብል ምስጋናኡ ኣሰሚዑ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሰላዕዳዕሮ ኣቶ ሙብራህቱ



ወ/ሮ ሓጎሳ ዑቕበ

ተኽልየን ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ሰላዕዳዕሮ ወ/ሮ ኣልማዝ ዳኒኤልን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቦም ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ እዚ ብስድራቤት ኣፍ/ር ዘርኣብሩኽ ዕቑቡ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ ንታሪኽናን ባህልናን ዘደንፍዕን ንሃገር ምሉእ ኣብነታዊ ስጉምቲን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ድማ ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ከም ዝኾነ ዘጸርን ኩርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ዝፈጥርን ስለ ዝኾነ፡ ዚ ክቡር ባህልናን እምነትናን ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኺሮም።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ከም መግለጺ ፍቕሮምን ሕውነቶምን ንዘተዓለወ እኽሊ ማይ ብሓባር ምስ ተቛደሱ፡ ተመሳጊኖም ተፈላልዮም።



ስድራቤት መዋቲ



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ተመሊሳ

ሚካኤል ሓድጎ
ስእሊ. ክብሮም ጸጋየ

ኣብ ደኒማርክ ከተማ ኮፐንሃገን ኣብ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም 2026 ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ሰሉስ ምሸት ተመሊሳ።

እዛ ጋንታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኤርትራ ኣብ ዓለማዊ ሻምፕዮን ብዘረኸበቶ ዓወታት ኣርእስቲ ምስራሓ ዝተሰምዖ ሓበን ብምግላጽ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ብውልዶ መንእሰያት ብምኳኑ ፍሉይ ከም ዝገብሮ ገሊጹ፡፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ከም መንጠሪ ብምጥቃም፡ ንኻልእ ዓበይቲ ዓለማዊ ውድድራት ኮነ ውድድር ኦሎምፒክ 2028 ብምጥማት በርቲዖም ንክሰርሑ ብምልባው ድማ፡ ደገፍ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ከም ወትሩ ከም ዘይፍለዮም ኣረጋጊጹ፡፡

ኣትሌታት ድማ፡ ብመንግስትን ህዝብን ዝተገብረሎም ኩልንትናዊ ምትብባዕ ኣብ ዝተረኽበ ዓወት ጉሉሕ ተራ ከም ዘበርከተ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ተረኺቡ ዘሎ ደረጃ ብጠበቕ ንምስራሕ ድልውነቶም ደጊሞም ኣረጋጊጾም፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኤርትራውያን ማሕበር ኮማት ስዊዘርላንድን ደኒማርክን ድማ ብፍላይ፡ ስለ ዝሃብዎም ስፖርታዊ ደገፍ ኣማስጊኖም፡፡

ትማሊ ረቡዕ'ውን ኣምባሳደር ዘመደ፡ ንክብሪ ናይ'ታ ሃገራዊት ጋንታ ናይ ምሳሕ እንግዶት ኣብ ኣስመራ ፓላስ ገይሩ፡፡

ካብ 19 ክሳዕ 20 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ኤርትራ፡ ኣብ 5000 ሜትር ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዳዊት ስዩረ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ክትከውን እንከላ፡ ብመንገዲ ሳይሞን ተስፋገርግሽ'ውን ኑሓስ መዳልያ ብምርካብ ከም ዝደመቐት ይዝከር፡፡



## ኣማኑኤል፡ ምስ ክለቡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ - ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ምስ ክለቡ ሊድል ትረክ ክሳብ 2028 ዘጸንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

ኣብ 2021 እዛ ጋንታ 'ትረክ ሰጋፍረዶ' እናተጸውዐት እንከላ ዝተጸምበራ ኣማኑኤል፡ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ኣባላታ ምኳኑ ይግለጽ። ብፍላይ ኣብ ናይ ጋንታ ስራሕ (ዶሜስቲክ) ዘለዎ ኣበርክቶ፡ ካብቶም ዝበለጹን እሙናትን ተቐዳደምቲ ናይዚ እዋን ከምዝኾነ ይትንተን።

"ኣብዛ ጋንታ ጸቢቕ እዩ ዝስመዓኒ፣ ብዘበርክቶ ዘለኹ ስራሕ'ውን ኩሩዕ እየ። ምስኣ ናይ ምቕጻል ሓሳብ ድማ፡ ብፍጹም ኣብ ሕቶ ኣትዩ ኣይፈልጥን።" ኢሉ - ነቲ ሓዲሽ ውዕል ድሕሪ ምፍራሙ።

ኣቦ መንበር ናይታ ጋንታ ኣንዲ ሽለክ ከኣ፡ "ኣማኑኤል፡ ጉሉሕ ብቕዓት ዘለዎን ኣብ ብዙሕ ዓወታት ናይዛ ጋንታ ዓቢ ተራ ዝተጻወተን ተቐዳዳማይ እዩ። ንመራሕቲ ጉጅለ ኣብ ዝስሕበሉ እዋን ከኣ ልክዕ ከም ሓያል ናይ ናፍታ ሞተረ እዩ። ስርሑ 100 ሚእታዊት ክሰርሖ ምኳኑ'ውን ንኣምን ኢና። ንዝቕጽሉ ክልተ ዓመታት ምስና ክቕጽል ብምውሳኑ ከኣ ሕጉሳት ኢና።" ክብል ኣድናቖት ብዝተሓወሶ ቃላት ገሊጽዎ።




20 መስከረም ኣብ ዝተዛዘመ ናይ ሓሙሻተ መድረኻት ዙር ሉክሰምበርግ ክውዳደር ዘቐጸ ጋንታኡ፡ 27 መስከረም ማለያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ለቢሱ፡ ኣብ ካናዳ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም 2026 ክውዳደር ተሓርዩ ኣሎ።

ኣማኑኤል፡ ዓሚ ኣብ ርዋንዳ ኣብ ዝተኻየደን 30 ተቐዳደምቲ ጥራይ ኣብ ዝወድእዎን ሻምፕዮን ዓለም፡ መበል 30 ምእታዉ ይዝከር፣ ካብ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ድማ፡ እቲ እንኮ ነቲ ውድድር ዝዛዘሞ ምንባሩ ይዝከር።

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ ሰኪዐት ስልጠና ዳንነት ሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ፡ ምስ ፊባ ኣፍሪቃን ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ ኤርትራን ብምትሕብባር፡ ካብ 17 ክሳብ 20 መስከረም ስልጠና ዳንነት ሂቡ።

ኣብ'ቲ ብኡጋንዳዊ ናይ ፊባ (FIBA) ኢንስትራክተር ፒተር ኪራቡ ዝተዋህበ ናይ ክልሰ ሓሳብን ግብርን ስልጠና፡ ካብ ኩላተን ዞባታትን ሚኒስትሪታት ምክልኻልን ትምህርትን ዝተዋጽኡ ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 15 ደያኑ ተሳቲፎሞ። ቀዳማይ ደረጃ (Level one) ዳንነት ምስ ሓድሽን እዋናውን መድረኽ ኲዕሶ ሰኪዐት በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ዳንነትን ማዕረ ንምጉዓዝ ዝድርኽ ምንባሩ ድማ ተገምጊሙ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ሰልጠንቲ ንዝርኣዩዎ ትግሃትን ድሌትን ዝመጎሰ ኢንስትራክተር ኪራቡ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ንመጻኢ ብዙሕ ስራሕ ይጽበዮም ምህላዉ ኣዘኻኺሩ። ሃ/ፌ/ኲ/ሰ/ኤርትራ ብወገኑ ሰልጠንቲ ንዝተዋህቦም ዕድል ተጠቒሞም ብቕዓቶም ክብ ንምባል ክጽዕሩ ብምልባው፡ ዓቕሚ ኣባላቱ ክብ ንምባል ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ክሰርሕ ምዃኑ ቃል ኣትዩ።




ኣብ መወዳእታ ነዚ ስልጠና ክዉን ንምግባር ዝተሓባበሩ ፊባ (FIBA)ን ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ ኤርትራን ከምኡ'ውን ኣባላተን ንዝሰደዳ ዞባታትን ሚኒስትሪታት ምክልኻልን ትምህርትን ምምስጋኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## "ብሰንኪ ሞታ ጆታ . . ." ሮበርትሰን

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሊቨርፑል - ኣንዲ ሮበርትሰን፡ ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን ፍሎሪያን ቨርትሰንዝ፡ ዝሓለፈ ዓመት ምሕር ክጋደሉ ዝተቐሰቡሉ ምኽንያት፡ እዛ ጋንታ ድሕሪ ሞት ተጻዋታያ ዝነበረ ዲዮን ጆታ ብዝሰባ ኲዕሶ እግሪ ትግደስ ስለዘይነበረት ምኳኑ ገሊጹ።

ጆታ፡ ኣብ ሓምለ 2025 ምስ ሓዉ ኣንድረ ሰልቫ፡ ብሓደጋ መኪና ምሞቱ ይዝከር። ኣብቲ ክረምቲ ከኣ ኢሳቕን ቨርትሰን፡ ብድምር 241 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል ምስግጋሮም ይዝከር።

ይኹን እምበር፡ እዞም ምስ ልዑል ትጽቢት ናብዛ ጋንታ ዝተሰጋገሩ ተጻወትቲ፡ ኣብቲ ወቕቲ ሕማቕን ዘይዕወትን ግዜ ምሕላፎም ኣይርሳዕን።

ኣብዚ ወቕቲ ካብ ሊቨርፑል ናብ ቶተንሃም ተሰጋጊሩ ዘሎ ሮበርትሰን፡ ሃንደበታዊ ሞት ጆታ፡ ኣብታ ጋንታ ዓቢ ጽልዋ ከምዝሕደረ እዩ ዝዛረብ።

"ዝሓለፍናዮ ክትዛረበሉ ከበድ እዩ፡ ዘሰክሕክሕ እዩ ነይሩ።" ዝበለ እቲ ስኮትላንዳዊ ተኸላኻሊ፡ "እቶም ኣብቲ እዋን ዝፈረሙ ተጻወትቲ፡ ናብ ልባ ዝተጎድአ ጋንታ እዮም መጺኦም። ክረጋግኡ ኣዋርሕ እዩ ወሲዱሎም፡ ምኽንያቱ ብዝሰባ ኲዕሶ እግሪ ኣይንግደስን ኢና ኔርና። ንሱ እዩ እቲ ሓቂ፡ ምኽንያቱ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ደቂ ጋንታና ብምኽሳርና።" ክብል ኑየም ብልዑል ወጻኢ ዝፈረሙ ተጻወትቲ ይቕረታ ሓቲቱ። ብዘይካዚ፡ ሊቨርፑል፡ ሰሪቲ ትራጀዲ ኣብ ሜዳ ተንጸባርቕ ዝነበረት ብቕዓት ከምዝቐነሰቶ'ውን ገሊጹ።



## መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 - ኬንያ ምስ ኤርትራ

### ናይ ቀድሚ ክልተ ዕቑድ ጸብለልታ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኬንያ

ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ቀዳም 26 መስከረም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኬንያ፡ ቀዳማይ ናይ ምድብ መጻረዪ ግጥም ንዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ከተካይድ እያ።

እዘን ሃገራውያን ጋንታታት፡ ወላ'ኳ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብዙሕ ግዜ እንተተራኸባ፡ ኣብ ከምዚ ናይ ሕጂ ተመሳሳሊ መድረኽ ግን፡ ቀድሚ 20 ዓመታት እየን ተራኺበን ነይረን። ናብቲ ጋና እተኣንገዶ ዝነበረት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2008 ንምሕላፍ፡ ኣብ መጻረዪ ግጥማት ብዛዕባ ኣብ ምድብ 6 ምስ ኣንጎላን ስዋዚላንድን (እዛ ሃገር ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኤርትራ 4ብ1 ዝሰዓረታ ስማ ኢስዋቲኒ ዝቐየረት እያ) ተደላዲለን ነይረን።

2 መስከረም 2006፡ ኣብ ኬንያ ቀዳማይ ጸወታአን ኣካይደን፡፡ ተጻዋታይ ኬንያ ናብ ልዳቱ ብዘቑጸራ ሹቶ መራሕነት ዝሓዘት ብሮማንያዊ ዓላሚ - ዶሪያን ማሪን እትስለጥን ዝነበረት ኤርትራ፡ ይድነቓቸው ሽማግንገስ ብዘቑጸራ ሹቶ ከኣ፡ ተመዓራርዩ ንዝነበረ ጸወታ 2ብ1 ተዓዊታትሉ፡፡

16 ሰነ 2007፡ ኣብ ኣስመራ ንዝተኻየደ ጸወታ ካልኣይ እግሪ'ውን፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብ ብርሃ ኣረጋይ ብዘረኸበታ እንኮ ሹቶ፡ 1ብ0 ሰዒራ፡፡

ብሓፈሻ ኣብቲ እዋን ካብ ሽዱሽተ ናይ ምድብ ግጥማት፡ ክልተ ዓወት፡ ሰለስተ ማዕረ፡ ሓንቲ ስዕረት ዘመዝገበት ኤርትራ፡ ትሽዓተ ነጥቢ ኣኪባ፡ ድሕሪ'ታ 13 ነጥቢ ብምውሃላ ቀዳመይቲ ዝወድአት ኣንጎላ ተሰሪዓ፡፡

ኣብቲ እዋን ብዘበረ መስርሕ ኮንፈደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ)፡ ካብተን 12 ምድባት ቀዳማይ ዝወጻ ጥራይ እየን ብቀጥታ ዝሓልፋ ነይረን፡ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝሓዛ 12 ጋንታታት ድማ፡ እተን ሰለስተ ዝበለጸ ነጥቢ ዝነበረን ጥራይ፡ ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2008 ይሰግራ ነይረን፡፡ ኤርትራ፡ ካብተን ዝበለጻ ሰለስተ ክትከውን ብዘይምኽኣላ ከኣ፡ ንፈለማ ግዜኣ ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ካብ ምስጋር ንስክላ ተሪፋ፡፡

ድሕሪዚ ካብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ርሒቓ ዝጸንሐት ኤርትራ፡ ድሕሪ 20 ዓመታት ዳግማይ ተመሊሳ ኣላ፡፡ ቀዳማይ ጸወታኣ ከኣ፡ ምስታ ኣብ ተመሳሳሊ መድረኽ ክልተ ሳብ ዝሰዓረታ ኬንያ ክትገብሮ እያ፡፡ ኣብዛ ጸወታ ምዕዋት ከኣ፡ ልዕሊ ንኬንያ ንኤርትራ የገድሳ፡፡

ምኽንያቱ ኬንያ፡ ምስ ኡጋንዳን ታንዛንያን ንዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ስለእተሰናድኦ፡ ኣብ ምድባ እትሕዞ ደረጃ ብዘየገድሳ ምሕላፋ ርጉጽ እዩ፡፡

በዚ ድማ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብዚ ህሉው ቁመናኣ መዝምሮሚ ክኾና ዝኽእል ጸወታ፡ ነጥቢ ከሲባ ክትወጽእ ትጽቢት ይግበር፡፡

ኤርትራ፡ ድሕሪዚ ግጥም፡ 30 መስከረም ምሸ'ታ ናይዚ ምድብ ዝበርትዐት ጋንታ ምኳና እትግለጽ ደቡብ ኣፍሪቃ ግጥም ይጸንሓ፡፡

ኣብዚ ምድብ፡ ካብ ዘለዋ ኤርትራ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ጊኒን ዝለዓለ ነጥቢ ዘለዋ ሓንቲ ጋንታ ጥራይ እያ፡ ናብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ክትሓልፍ፡፡

ጸቡቕ ዕድል ንኣሞራ ቀይሕ ባሕሪ!

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኔሽንስ ሊግ ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታ
ፖርቱጋል - ዌልስ 9፡45 ድ.ቀ
ኖርወይ - ደኒማርክ 9፡45 ድ.ቀ
ሆላንድ - ጀርመን 9፡45 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኢራንን ኣመሪካን ይዘራረቡ



ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኢራንን ኣመሪካን፡ ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ኣብ ኒዩርክ ዝቕጽል ዘሎ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ድሕሪ ዝሓለፈ ሰ ንፈለማ እዋን ትማሊ ረቡዕ ተራኺቦም ዝርርብ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

እቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ግጭት ኢራንን ኣመሪካን እንተ ዘይተፈቲሑ፡ ነታ እስላማዊት ሃገር ከጽንታ ከም ዝኽእል ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ብመንኾኘት ቀጠር ኣብ መንጎ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራንን ልኡኽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍን ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን እተፈጸሞ መጥቃዕቲ ክተቋርጽ፡ እቲ ኢራናዊ ብጾል ስልጣን ደጊሙ ጸዊዑ።

ኣመሪካን እስራኤልን፡ ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ኣፈርቲ ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ኣብ መሓዝቲ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ መደበራት ኣመሪካን ተመጣጣኒ ወተሃደራዊ ምላሽ ክም ዝሃበት፡ ክምኡ'ውን ንመጻብቦ ሆርሙዝ ከም ዝዓጸወቶ ይፍለጥ።

ኣመሪካ ኣብ ዝመጽእ ሕዳር ምርጫ ናይ ኮንግረስ ንምክያድ ኣብ እትሸባሸበሉ ዘላ እዋን፡ ትራምፕ እቲ ግጭት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዘብቅዓሉ መንገዲ ንኽናዲ ካብ ዝጠዝሑ ወገናት ናይ'ታ ሃገር ጸቕጢ ይግበረሉ ከም ዘሎ ይሕበር።

ትራምፕ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ኒዩርክ ኣብ ዝጀመረ ዓመታዊ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝሰምዖ መደረ፡ ኣብ ቁጠባ ኢሚግሬሽን፡ ዶባትን ምምሕዳር ግጭትን ዝመዘዞ ዓወታት ብምጉላሕ እዩ ጀሚሩዎ።

ትራምፕ ኣብ መደረኡ ወሲኹ፡ እቲ ኣመሪካን እስራኤልን ዝኸፈታኦ ኲናት፡ ኢራን ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንኸይተማዕብል ከም ዝዓገታ ኣረዲኡ።

ኣብ መደረኡ፡ ነቲ ምስ ኢራን ዝቕጽል ዘሎ ኲናት ምኽኑይ ንምግባር ዝፈተነ ትራምፕ፡ እዚ ድማ፡ ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ብዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ ዝተዋህበ፡ ዓለማዊ ፍልልይ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓሞቀ ይኸይድ ከም ዘሎ ዘጠንቅቕ መግለጺታት ዝገራጮ ምንባሩ፡ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

## ሩዋንዳን ቤልጁምን፡ ተበቲኹ ዝጸንሐ ርክባተን ናብ ንቡር ይመልሳ

ሩዋንዳን ቤልጁምን፡ ተበቲኹ ዝጸንሐ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናአን ናብ ንቡር ክምለስ ከም እተሰማምዓ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩዋንዳ ኣብ ዘውጸአ መግለጺ ኣመልኪቱ።

ኣቐዲሞም፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩዋንዳ ኦሊቭር ንዱሁንጊረሄን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ቤልጁም ማክሲም ፕረቮትን ኣብ ዝሓብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ክልቲአን ሃገራት ዝተኻየዱ ተኸታተልቲ ኣኼባታትን ዘይወግዓዊ ርክባትን ሰዒቡ ዝተበጽሐ ምዃኑ ኣረዲኦም።



እቶም ሰበ ስልጣን ብዘይካዚ፡ ኣብ ሰ 2025 ኣብ ዶሓ - ቀጠር ዝተኻየደ ናይ ፈለማ እዋን ርክብ ክልቲአን ሃገራት ክዉን ክኸውን ንዝሓገዘ መንግስቲ ቀጠር'ውን ምስጋንኦም ገሊጾም።

ብመሰረት እቲ መግለጺ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ቀረባ እዋን ኤምባሲታተን ኣብ ኪጋሊን ብራሰልስን ዳግማይ ክኸፍታ እየን።

መንግስቲ ሩዋንዳ ቤልጁም፡ ኣብ እዋን ግጭት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ቅድሚኡን ኣንጻር ሃገሩ ዝተኸተሎ መርገጺታት ዘይቅቡል ምዃኑ ብምሕባር፡ ብ17 መጋቢት 2025 ምስ'ታ ሃገር ንዝነበሮ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ከም ዝበተኾ ኣይርሳዕን።

## ኣመሪካ፡ ዴንማርክን ግሪንላንድን ስምምዕ ክቲመን




ወከልቲ ኣመሪካ፡ ዴንማርክን ርእሰ ምምሕዳራዊት ግዝኣት ግሪንላንድን፡ ወተሃደራዊ ህላወ ኣመሪካ ኣብታ ስትራተጂያዊት ደሴት ኣርክቲክ ዝኾነት ግሪንላንድ ንምስፋሕ ዝዓለመ ስምምዕ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ኒውዮርክ ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።

እቲ ጉድኒ ዓመታዊ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝተፈጸመ ናይ ምፍርራም ስነ ስርዓት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍረደሪክሰንን ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪንላንድ ጀንስ ፍረደሪክ ኒልሰንን ኣብ ዝተረኽብሉ ኢጋጣሚ እዩ ተኻይዱ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ ኣመሪካ፡ ኣብ'ቲ ድሮ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ግሪንላንድ ዝርከብ መደበር ጠፈር 'ፒቱፊክ ስፔስ ቤዝ' ንጥፈታታ ዝየዳ ከተማዕብልን ክተስፍሕን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናርሳርሱዋክን ሚስተርስሺግን ተወሳኺ ናይ ምክልኻል መደበራት ክትድኩን ክፍቀደላ እዩ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ስምምዕ ኣፈርቲ ኣመሪካ ኣብ ዝኾነ ክፋል ግዝኣት ግሪንላንድ፡ እንተላይ ኣብ ማያዊ ግዝኣታ ክበራን ክዓልባን፡ መራኽብ ኣመሪካ'ውን ናብ ማያዊ ግዝኣት ናይታ ደሴት ክኣትዋን ኣብኡ ክንቀሳቐሳን ዘፍቅድ እዩ።

እቲ ስምምዕ ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዘይኮና ሃገራት፡ ኣብ ግሪንላንድ ሰብ ዘለዎ ወይ ሰብ ኣልቦ ወተሃደራዊ ትካላት ከይምስርታ፡ ከምኡ'ውን ቀዋሚ ወተሃደራዊ መደበራት ከይሃልዋን ዝኽልክል እዩ።

ብመሰረት ኣብ 1951 ኣብ መንጎ ዴንማርክን ኣመሪካን ዝተበጽሐን ኣብ 2004 ድማ ዝተመሓየሸን ስምምዕ ምክልኻል፡ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ፍሉይ ንምክልኻል ተባሂሉ ዝተሓዘአ ቦታታት ናይታ ደሴት ሰራሕተኛታት ናይ ምውፋርን መሳለጥያታት ናይ ምህናጽን መሰል ኣለዎ።

## "ብሰንኪ ኤል ኒኖ፡ ልዕሊ 450 ሽሕ ሰባት ክሞቱ ይኽእሉ እዮም" መጽናዕቲ

ኣብ ዝቕጽሉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ኤል ኒኖ ብሰንኪ ዘስዕቦ ተወሳኺ ሙቐት፡ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 450 ሽሕ ሰባት ክሞቱ ከም ዝኽእሉ፡ ሓድሽ ዝወጸ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

እቲ ትማሊ ረቡዕ ብዩኒቨርሲቲ 'ቺካጎ' ክሊይመት ኢምፓክት ላብ' ዝወጸ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ በቲ ክሳብ ለካቲት 2027 ክቕጽል ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ተርእዮ ኤል ኒኖ ክስዕብ ዝኽእል መጠን ሞትን፡ ኣብ ሓደ ዓመት ዝኸሰት መጠን ሞትን ዘጸጽር እዩ።

ተመራመርቲ ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ ዝቕጽሉ ኣዋርሕ፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ብኣስታት 1.2 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ክብ ክብል ከም ዝኽእልን፡ ልዑል መጠን ሙቐት ዝረኣየሉ መዓልታት ድማ ካብ'ቲ ኣብ ዓመት ዘጋጥም ማእከላይ ገምጋም መጠን ሙቐት ብ44 ሚእታዊት ክዛይድ እዩ።

ብፍላይ ድማ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራትን ዞባ ሳሕል ኣፍሪቃን፡ ብርቱዕ መጠን ሙቐት ኪጋጥም ትጽቢት ይግበር።

እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ መላእ ዞባ ሳሕል ኣስታት 66,800 ተወሳኺ ሞት ኪጋጥም ከም ዝኽእል ዝሕብር ኮይኑ፡ ናይጀርያ፡ ኢንዶነዥያን ሱዳንን ገለ ካብ'ተን ልዑል መጠን ሞት ክኸስተለን ዝኽእላ ሃገራት ምዃነን የረድእ።



ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ፊሊፒንስ፡ ቬትናም፡ ታይላንድን ካምቦድያን ብድምር 19,400 ተወሳኺ ሞት ኪጋጥም ከም ዝኽእል፡ ኣብ ህንዲ 15,800፡ ኣብ ብራዚል ድማ 13,300 ዝጸሓ መጠን ሞት ክምዝገብ ተኽእሎ ከም ዘሎ፡ እቲ መጽናዕቲ ተተንብዩ ኣሎ።

## ደ/ኣፍሪቃ - ብመጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት ብውሕዱ 11 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ከተማ ደርባን - ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዕጡቓት ናብ ሓደ ገዛ ብምእታው ብዝኸፈትዎ ተኹሲ፡ ሓንቲ ነፍሰ ጾር ሰበይቲ እትርከቦም ብውሕዱ 11 ሰባት ከም እተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቶም ግዳያት፡ ትማሊ ሰሉስ ብምኽንያት ድግስ ኣብ ሓደ ገዛ ተኣኪቦም ከለዉ እዮም ተቐቲሎም።

ክልተ ሰባት ካብ'ቲ መጥቃዕቲ ከም ዝደሓኑ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ከባቢ፡ እቶም ዕጡቓት ነቲ ቅትለት ክፍጽሙ ዝደረኾም ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ንጹር ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዝለዓለ መጠን ቅትለት ዝፍጸመለን ሃገራት ዓለም ኮይና፡ ኣብኢ ኣስታት 62 ሚልዮን ዝኾነት ህዝባ ብማእከላይ ገምጋም መዓልታዊ ኣስታት 60 ሰባት ይቕተሉ።



ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት፡ ወተሃደራት ናይ'ታ ሃገር ጎድኒ ጎድኒ ሃገራዊ ፖሊስ ብምዃን ናብ መጥቃዕቲ ዝፍጸመሉ ሓደገኛ ቦታታት ብምውፋር፡ ገበናት ኣብ ምምካት ሓገዝ የበርክቱ ምንባሮም ይሕበር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 24/09/2026 | ጎደና እምበረሚ 755፥ከባቢ. ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services